# ቀይሕ መስቀል ማዕከን ክንክን ጥዕና

ኣባና ዝሰርሓ ነርስታት፡ ሰነድ ምምበሪ ፍቃድ ንዘየብሎም ሰባትን ካልኦት ካብ ስርዓት ማሕበራዊ ድሕነት ወጺኦም ንዝወድቁ ስደተኛታትን ሓገዝን ደገፍን ይህባ።

**ንሕና ነዚ ዝስዕብ ንሕግዝ፡**

- ሓበሬታን ርክብ ምስ ኣካላት ክንክን ጥዕና ምግባርን ንዓኻ ስነድ መመበሪ ፍቃድ ንዘየብልካ እቲ ክትረኽቦ ዝግበኣካ መሰል ክንክን ክትረኽብ ምሕጋዝ።
- ንዓኻ ስነድ መመበሪ ፍቃድ ዘየብልካ ክንክን ክትረክብ ኣብ እትሓቶ ግዜ ዕንቅፋት ከየጋጥመካ ምሕጋዝ።
- ምስቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ርክብ ዘለዎም ወሃብቲ ክንክን ጥዕናን ንዝሓመሙ ምድጋፍን ኮይኑ ሓበሬታታት ኣብ ምትእክኻብን ናብ ስራሕ ዘናድይሉ ኣንፈት ምትሓዝን።
- ምስ ሓደ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳያት ብምርካብ ብዛዕባ ሰነድ መምበሪ ፍቃድ ዘይምህላውካ ምዝርራብን ካልእ ክትረኽቦ እትደሊ ማሕበራዊ ደገፋት ምሕታት።

**ኣቀባብላ**

ንሕና ካብ ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ ካብ ቆጸራ ወጻኢ ንቅበል ኢና፡

ሰዓት፡ 09.00/ 12.00
13.00/ 16.00

ኣድራሻ፡ Rullagergatan 6B, Gamlestaden, Göteborg. ኣቀዲምካ ቆጸራ ምሓዝ እውን ዝበለጸ እዩ።

**ሃገራዊ ወሃብ ምኽሪ**

ተሌፎን: ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ
09.00 – 12.00
ስልኪ ቁጽሪ: 020-211 000
መልእኽትኻ ብ072-349 98 08
ብsms ክትልእኽ ትኽእል
ኢመይል: papperslos@redcross.se

ናባና ምብጻሕን ምድዋልን ብነጻ ኮይኑ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ሓላፍነት'ውን ኣሎና።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**

ኣብ ምዕራባዊ ዘባ ዮታላንድ ምስ ካልኦት ሲቪላዊ ማሕበራት ብምትሕብባር፡ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ምስ ነርስታት ናይቲ ትካል ምርኻብ፡ ነቲ QR ኮድ ስካን ብምግባር ኣብቲ ዘባ ኣበይ ከምዘለና ምርኣይ ይከኣል።

ክንክን ጥዕና ነቶም ስነድ መምበሪ ፈቓድ ዘይብሎም ስደተኛታትን ካልኦት ስደተኛታትን ኣንብብ። እብዚ ገጽ ብዛዕባ መሰል ክንክን ጥዕና ንሓደ ሰነድ መምበሪ ፈቓድ ንዘይብሉ ስደተኛ እንታይ ዝሕብር ብሓያሎ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተጻሒፉ ኣሎ።

ሓበሬታ ናብ ኣባላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ኣገልግሎት ክንክን ምስእትደሊ ንዚ ኣርእዮም።።

Svenska Röda Korset

Form: Heed & Heed. Illustrationer Sabina Helmola. 260701. Redigerad 251111 Lau Dahlgren Ekegren

Medfinansieras av Europeiska unionen

Version 2025-06-25

# ሰነድ መመበሪ ፍቃድ ዘየብልካ ኣብ

## ምዕራባዊ ዘባ ዮታላንድ እትነብር



ሓበሬታ ክንክን ጥዕና ንኻልኦት ጉጅለ ስደተኛታት ዝምልከት

ሓበሬታ ካብ ኣተሓባባሪ ኣካል ክንክን ጥዕና ምዕራባዊ ዘባ ዮታላንድ, ኣብ መንጎ ሩሰንግረንስካ ፋውንዴሽን፡ ቀይሕ መስቀል ሸወደንን ምዕራባዊ ዘባ ዮታላንድን ዝተገብረ ምትሕብባር

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN
ROSENGRENSKA STIFTELSEN
Svenska Röda Korset

# ምዕራባዊ ዘባ ዮታላንድ

**ኩሎም** ሰነድ መምበሪ ፍቃድ ዘይብሎም ህጻናት ልክዕ ከም'ቶም ኣብ ባሕሪ መዝገብ ዝተመዝገቡ ህጻናት ተመሳሳሊ ክንክን ጥዕና ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

ዕድሜኻ ልዕሊ 18 ዓመት ኮይኑ ብዘይ መምበሪ ፍቓድ ኣብ ሽወደን ትነብር እንተኾንካ'ውን፡ ክንክን ሕክምና ክትረክብ መሰል ኣለካ። እዚ ማለት፡

- ህጹጽ ክንክን (ቅጽበታዊ ክንክን)
- ኣብ ክንክን ወሊድን ኣብ እዋን ሕርሲን
- ምኽሪ ብዛዕባ ምክልኻል ጥንሲ (ከመይ ጌርካ ንነብስኻ ካብ ጥንሲ ትከላኸል)
- ክንክን ኣብ እዋን ምንጻል ጥንሲ (ጥንሲ ምቁራጽን)
- ክንክንን ሕክምናን ንሕማማትን መጉዳእትን ከምኡውን ብምድንጓይ ምኽንያት ከቢድ ሳዕቤን ከኸትል ስለዝኽእልዩ።
- ኩነታትካ ከይገድድ ከሎ ክትከላኸል ዘኽእል ክንክን
- ዝያዳ ሰፊሕ ክንክንን ሕክምናን ኣብ ዘድልየሉ እዋን
- ቅድሚ ሕጂ ክትረኽቦም ዝጸናሕካ ክንክን፡ እንተላይ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክንክን

### ነዞም ዝስዕቡ ክትረክብ እውን መሰል ኣለካ

- ኣብ ማእከል ጥዕና ዝግበር መርመራታት
- ኣብ እዋን ሕክምና ዝዋሃብ ደገፍ መጓዝያ
- መድሃኒት ብትሑት ዋጋ
- ክትሕገዘሎም እትኽል መሳርሒታት

እዚ ክንክን ኣብ ውሽጢ ዘባዊ ስርዓተ ክንክንን ሕክምናን ዝወሃበካ እዩ።
ማለት ንስኻ/ኺ ኣብ እትግልገለሉ ማእከል ጥዕና፡ ማእከል ክንክን ወሊድ፡ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ወይ ሆስፒታል እዩ።

ስነድ ምምበሪ ፍቃድ ዘይብሎም ህጻናት ከም እቶም ኣብ ባሕሪ ምዝገብ ዝተመዝገቡ ህጻናት ተመሳሳሊ ክንክን ስኒ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዓበይቲ ሰባት ብዘይምድንጓይ ክንክን ስኒን ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ክሳብ 20 ዓመት እትመልእ ክንክን ስኒ ብነጻ እዩ። ካብታ 20 ዓመት ዝመልኣላ ዓመት ንደሓር ንሓደ ምብጻሕ 50 ክሮነር ትኸፍል።

ክሳብ ነርስ ወይ ሓኪም ረኺብካ ንጥዕናኻ ዝምልከት ሕክምና የድልየካን ኣየድልየካን ዝውስን፡ ክንክን ኮነ ሕክምና ክንጸገካ የብሉን። እዚ ማለት ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ/ ረሰፕሽን ክንክን ክኽልከልካ የብልካን፡ ስነድ ምምበሪ ፍቃድ ከም ዘይብልካ ከተርኢ ፍጹም ኣየድልየካን እዩ።

ንኣብነት ምስ ሓንቲ ካብ ኣሃዱታት መቀበሊ ስደተኛታትና ክትራኸቡ ምስ እትደልን ብዛዕባ መርመራታት ጥዕና ሓበሬታ ንምርካብን፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽብዎም ትኽእሉ።

**ክሊኒክ ሕክምና ስደተኛታት**
ናይ ቴሌፎን ሰዓታት 09.00–15.00
ስልኪ 031-747 89 50

**ክሊኒክ ህጻናት ስደተኛታት**
ናይ ቴሌፎን ሰዓታት 08.00–10.00
ስልኪ 070-020 60 26

እዚ ናይ ህጻናት ስደተኛታት መቀበሊ/ክሊኒክ ነቶም ኣብ ጉዕዞ ስደት ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጽገማት ዝበጽሖም ህጻናትን መንእሰያትን ይቅበል። ኣብዚ ናይ ህጻናት ሓኪም፡ ናይ ስነኣእምሮ ሓኪም፡ ኪኢላ ስነልቦናን ኪኢላታት ነርሰታን ክትረክብ ትኽእል። እዞም ኪኢላታት ህጻናት፡ ንወለዲ ከምኡውን ንሙሉእ ስደራቤት ይረኽቡ። ናብዚ መቀበሊ ማእከል ክትከይድ፡ ካብ ዘለኻዮ ማእከል ጥዕና መሰነይታ ወረቀት ክጽሕፉልካ ኣለዎም። ንሰኻ ንባዕልኻ'ውን መሰነይታ/ረሚስ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ።

### ዝያዳ ሓብሬታ

ክፍሊ ዋሃብቲ ምኽሪ ክንክን 1177
ሓበሬታ ናዓኻ ሰነድ መምበሪ ፍቃድ ዘየብልካ ወይ ካእ ሓታቲ ዑቅባ

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN

# ሩሰንግረንስካ

ሩሰንግረንስካ ንዓኻ ስነድ መመበሪ ፍቃድ ዘይብልካ ክብል ዝቆመ እዩ። ኣብ ክልተ ሰሙን ሓደ ምሸት ኣጋይሽ ንቅበል

ኣብ ሩሰንግረንስካ ነዞም ዝስዕቡ ሓገዛት ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ፡

### ነርስ፡ ሓኪም ስኒ ወይ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ

ሓገዝ ክንክን ኣድልዩካ ግን ከኣ ናበይ ከም እትኸይድ ዘይትፈልጥ፡ ኣብ ሽወደን ስርዓተ ክንክን ጥዕና ከመይ ከም ዝሰርሕ ዘይትፈልጥ፡ ኣብ ክንክን ጥዕና ሕማቕ ኣተሓሕዛ እንተገጢሙካ፡ ክንክን እንተተኸልኪልካ ወይ ካብ ክንክን ጥዕና ዘይቅኑዕ ሕሳብ እንተተቐቢልካ፡ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ሩሰንግረንስካ ናብ ነርስ፡ ሓኪም ስኒ ወይ ስነ-ኣእምሮ ረኺብካ ከተዘራርብ ትኽእል ኢኻ። ክንክን ጥዕና ወይ ክንክን ስኒ እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ብኸመይ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ከም እትራኸብን ከመይ ጌርካ ትኽክለኛ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ከም እትረክብን ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

### ተሓዝ ገንዘብ/ ካሻየር

ክትሕከም ዝኸፈልካዮን ብትእዛዝ ሓኪም ንዝተዓደጉ መድሃኒታትን ገንዘብካ ክትመልስ ትኽእል ኢኻ። ቅብሊት ሒዝካ ክትመጽእ ኣለካ።

### ናይ መነጽር ክኢላ

ሓኪም መነጽር ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ኣብ ሩሰንግረንስካ ይመጽእ እዩ። እቲ ሓኪም መነጽር ኣብ መርመራ ዓይኒ ክሕግዘካን እንተድኣ ኣድልዩካ ድማ ብነጻ መነጽር ዓይኒ ክህበካ ይኽእል እዩ።

### ማሕበራዊ ደገፍ

ምስ ሓንቲ ኣብ ዮተቦሪ እትርከብ ቤተ ክርስቲያን ንተሓባበር ኢና። ሃይማኖትካ ይኹን እምነትካ ብዘየገድስ፡ ዲያቆናት ቤተ ክርስቲያን ዕላል፡ ደገፍን ምኽርን ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም። እዚ ብዛዕባ ንህጻናትን ስድራቤታትን ዝምልከት ጉዳያት፡ ትምህርቲ ህጻናት፡ ሓገዝ ኣብ ቦርሳታት መግብን ክዳውንትን ወይ ማሕበረሰባዊ ዝንባለ ክኸውን ይኽእል።

ከምኡ'ውን ምስ ሓደ ካህን ምዝርራብ ወይ ምስ ኣብ ዮተቦሪ ዝርከብ ሃይማኖታዊ ባይቶ ርክብ ምግባር ይካኣል።

### ጠበቃ

ምስቶም ነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ዝህቡ ጠበቓታት ንተሓባበር ኢና።
ነቶም ጠበቓታት ንምብጻሕ እቲ ዝበለጸ መንገዲ info@rosenjuristerna.se ኢመይል ብምልኣኽ ቆጸራ ምሓዝ እዩ።
ወይ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታኦም ro-senjuristerna.se ወይ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ሩሰንግረንስካ ብምኻድ ምዝርራብ። ብድሕሪኡ ግዜ ክህቡኹምን እዮም።

### ከመይ ጌርና ምሳና ንራኸብ

በጻሕትና ውሕስነት ክስምፃም ምእንቲ፡ ነቲ ኣቀባብላ ዝግበረሉ ሰዓትን ቦታን ኣይንዝርግሖን ኢና።

ኣበይ ከምዘሎና ንምፍላጥ ምስ እትደልዩ ናብ ቀይሕ መስቀል ክፍሊ ክንክን ደውሉ። 020-211 000.

### ተወሳኺ ሓበሬታ

ብዛዕባ ሩሰንግረንስካ ፋውንዴሽን ኣንብብ

ROSENGRENSKA STIFTELSEN